Bundesamt
für Migration
und Flüchtlinge

# ጽሑፍ ሓበሬታ ብዛዕባ መጻንበሪ ትምህርቲ

ንምስታፍ ፍቓድ ንዝረኸቡን ክሳተፉ ንዝግደዱን ናብዚ ዓዲ ሓደሽቲ ዝመጹን/ጹን ከምኡውን ኣብ ጀርመን ንውሕ ካብ ዝበለ እዋን ኣትሒዘን/ዞም ንዝነብራን/ሩን ወጻእተኛ ዜጋታት

ዝኸበርክን ነበርቲ፣ ዝኸበርኩም ነበርቲ ሃገር፣

ብሕጊ መንበሪ መሰረት፣ ኣብ መጻንበሪ ትምህርቲ ሓደ ጊዜ ንኽትሳተፉ/ፉ መሰል ኣለክን/ኩም ወይ ድማ ኣብዚ ትምህርቲ ንምስታፍ ትግደዳ/ዱ።

**<u>መጻንበሪ ትምህርቲ እንታይ እዩ?</u>**

ትሕዝቶ ናይቲ ሓፈሻዊ መጻንበሪ ትምህርቲ 600 እዋን ትምህርቲ ዝሓዘ ትምህርቲ ቋንቋን 100 እዋን ትምህርቲ ዝሓዘ ትምህርቲ ምልላይን እዩ። እቲ ትምህርቲ ቋንቋ ነፍሲ ወከፉ 100 እዋን ትምህርቲ ዝሓዘ ክፍልታት ኣለዉዎ። እተን ናይ መጀመርታ 300 እዋን ትምህርቲ መሰረታዊ ትምህርቲ ተባሂለን እየን ዝጽዋዓ፣ እተን ዝቕጽላ 300 እዋን ትምህርቲ ድማ መመሓየሺ ትምህርቲ ይብሃላ።

ኣብቲ ትምህርቲ ቋንቋ ነቲ ኣብ ዕለታዊ ናብራ ንምዝራብን ምጽሓፍን ዘድልያኽን/ዘድልያኹም ቃላት ትመሃራ/ትመሃሩ። ምስኡውን ርክብ ምስ ሰብ ስልጣናት፣ ምስ ጎረባብቲን መሳርሕትን ንምዝራብን፣ ደብዳቤ ምጽሓፍን ፍሮሙላታት ምምላእን ኣሎ።

እብቲ ትምህርቲ ምልላይ ብዛዕባ ናብራ ኣብ ጀርመን ሓበሬታ ትረኽባ/ትረኽቡ ከምኡ ድማ ብዛዕባ ሕጋዊ ስርዓት፣ ባህልን ናይ ቀረባ እዋን ታሪኽ ናይዚ ዓድን ፍልጠት ትቐስማ/ትቐስሙ።

ፍሉይ ዝኾነ ትምህርቲ ምጽንባር እውን ኣሎ፣ ንኣብነት፣ ንደቀ ኣንስትዮ፣ ንወለዲ፣ ንመንእሰያትን ነቶም ብግቡእ ከንብቡን ክጽሕፉ ንዘይክእሉ ውልቀሰባትን። እዘን ትምህርታት 1000 እዋን ትምህርቲ እየን ዝወስዳ። ቀልጢፍኩም ትመሃሩ እንተ ኼንኩም፣ ኣብ ሓደ ጽዑቕ ትምህርቲ ክትካፈሉ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ 430 እዋናት ትምህርቲ እዩ ዝወስድ።

ንዓኹም ኣየናት ትምህርቲ ብትኽክል ከም ዝግባእን ኣበየናይ ክፍሊ ክትጅምሩ ከም ዝግብኣኩምን፣ ትምህርቲ ቅድሚ ምጅማሩ እቲ ትምህርቲ ዝህብ ትካል ብሓደ ፈተና የጻሪ።

**<u>ኣብቲ ናይ መወዳእታ ፈተና ምስታፍ</u>**

ናይ መወዳእታ ፈተና ናይ ቋንቋ ፈተናን ፈተና ብዛዕባ ትምህርቲ ምልላይን ዝሓዘ እዩ። ኣብቲ ናይ ቋንቋ ፈተና ብቑዕ ፍልጠት ጀርመንኛ ከም ዘለክን/ኩም እንተተረጋጊጹ ከምኡ ድማ ነቲ ፈተና ትምህርቲ መላለዪ ሓሊፍክን/ኩም፣ ነቲ ፈተና መጻንበሪ ትምህርቲ ብዓወት ፈጺምክን/ኩም ተባሂልክን/ኩም ናይ “ትምህርቲ ምጽንባር ሰርቲፊኬት” ትቕበላ/ሉ።

ብታዕዋት ነዚ ፈተና እንተዘይሓሊፍክን/ኩም፣ እቲ ዘምጻእክንኦ/ኩሞ ነጥብታት ዝገልጽ ምስክር ወረቐት ትቕበላ/ሉ።

ኣብ ናይ መወዳእታ ፈተና ምስታፍ ብነጻ እዩ።

**<u>ኣብ መጻንበሪ ትምህርቲ ብምስታፍ ዝርከብ ጥቕሚታት</u>**

ናይ ኤውሮጳ ሕብረት ኣባላት ካብ ዘይኮና ሃገራት ዝመጹ/ጹ ወጻእተኛ ዜጋታት፣ ኣብ ጀርመን ዘይተገደበ መንበሪ ፍቓድ ንኽረኽባ/ቡ እንተደልየን/ዮም፣ ሓደ ሓደ ከማልእኦ/እዎ ዘለወን/ዎም ቅድመ ኩነታት ኣለዋ። ካብተን ክማልኣ ካብ ዘለወን ነገራት ብቑዕ ዝኾነ ምምላኽ ቋንቋ ጀርመንኛ ከምኡ ድማ መሰረታዊ ዝኾነ ፍልጠት ብዛዕባ ሕጋዊን ማሕበራዊን ስርዓታትን

KNr. 630.036k Tigrinya BAMF 11/2017

ከነታት ሀይወት ኣብ ጀርመንን ኣለዋ። ንመጸንበሪ ትምህርቲ ብዓወት ዝፈጸመ፣ ነዚ ቅድመ ኩነት የማልእ እዩ። ብጀከኡ ኣውን ምናልባሽ ኣቐዲምክን/ኩም ዜግነት ሃገር ክትረኽባ/ቡ ትኽእላ/ሉ።

ካባኡ ሓሊፉ ኣውን እቲ ኣብዚ መጸንበሪ ትምህርቲ ዘጥረኽንኦ/ኹሞ ፍልጠት ቋንቋ ጀርመንኛ ነቲ ኣብ ጀርመን ዝህሉ ዕለታዊ ናብራ ኽን/ኩም የቐልል ከምኡ ድማ ስራሕ ንምርካብ ዕድልክን/ኩም ክብ ይብል።

## ንመጸንበሪ ትምህርቲ ምምዝጋብ

ኣብ ሓደ መጸንበሪ ትምህርቲ ንምስታፍ ዝተፈቐደልክን/ኩም ወይ ድማ ትግደዳ/ዱ እንተ ኼንክን/ኩም፣ ካብ ቤት ጽሕፈት ወጻኢተኛታት ወይ ድማ ንስራሕ ኣልቦ ገንዘብ II ሓላፍነት ካብ ዘለዎ ቤት ጽሕፈት ሓደ ናይ ጽሑፍ መረጋገጺ (ናይ ፍቓድ መረጋገጺ ወረቐት) ትቕበላ/ሉ። ምስኡ ድማ ሓደ ሊስታ ናይቶም ኣብ ከባቢ መንበሪ ዓድኽን/ኹም ዝርከቡ መጸንበሪ ትምህርቲ ዝህቡ ትካላት ትቕበላ/ሉ።

ብኽብረትክን/ኩም ኣብቲ ተጠቒሱ ዘሎ ትካል ንሓደ ናይ መጸንበሪ ትምህርቲ ተመዝገባ/ቡ ከምኡ ድማ ነቲ መረጋገጺ ወረቐት ኣብኡ ኣቕርብኦ/ዎ። ሓደ ፍሉይ ዝኾነ ቦታ ዘይተጠቕሰ እንተ ኾይኑ፣ ብዝተኻእለክን/ኩም መጠን ቀልጢፍክን/ኩም ኣብ ሓደ ዝመረጽኽንኦ/ኹሞ ትካል ትምህርቲ ተመዝገባ/ቡ። ኣብ መረጋገጺ ወረቐት ኣብቲ ታሕተዋይ ወገን „እዚ ናይ ተሳትፎ ፍቓድ ወይ ግዴታ ተሳትፎ ዘገልግል ክሳብ…“ ሓደ ዕለት ሰፊሩ ዘሎ እንተኾይኑ፣ ክሳብ እቲ ተጠቒሱ ዘሎ ዕለት ኣብ ሓደ መጸንበሪ ትምህርቲ ወይ ድማ ኣብቲ ተጠቒሱ ዘሎ ትካል ክትምዝገባ/ቡ ትኽእላ/ሉ ወይ ድማ ትግደዱ።

ፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት፣ ትምህርቲ ብእዋኑ ከም ትጅምራ/ሩ ንምርግጋጽ ኢሉ ናብ ሓደ ትካል ትምህርቲ ክሰደክን/ኩም ይኽእል እዩ።

እቲ ትካል ትምህርቲ እቲ ዝቕጽል ትምህርቲ መዓስ ከም ዝጅመር ከፍልጠክን/ኩም ኣለዎ። እቲ ትምህርቲ ዝጅመረሉ ዕለት ካብ እቲ ትምዝገባሉ/ቡሉ ዕለት ኣትሒዙ ሹዱሽተ ሰሙን ክሓልፍ የብሉን። ኣብ ውሽጢ እዚ እዋን ትምህርቲ ክጅምር ዘይክእል እንተኾይኑ፣ እቲ ትካል ትምህርቲ ክሕብረክን/ኩም ኣለዎ። ናይ ትምህርቲ ትካል እንተ ቀየርክን/ኩም፣ እቲ ዝነበርክንኦ/ኩሞ ትካል ነቲ ናይ ፍቓድ መረጋገጺ ፍቓድ ክመልሰልክን/ኩም ኣለዎ።

ብናትክን/ኩም ሓላፍነት ምኽንያት ድሕሪ ዕለት ምምዝጋብ እንተደንጎኽን/ኹም ዓመት ከይሓለፈ ኣብ ሓደ ናይ ምጽንባር ትምህርቲ እንተዘይጀሚርክን/ኩም ወይ ድማ ካብ ዓመት ንላዕሊ ነቲ ትምህርቲ ምስታፍ ኣንተ ኣቋሪጽክን/ኩም፣ እቲ ናይ ምስታፍ ፍቓድ ከም ዝድምሰስ፣ ብኽብረትክን/ኩም ኣስተውዕላ/ሉ።

## ስርዓቱ ዝሓለወ ተሳትፎ ትምህርቲ

ነቲ ናይ ምጽንባር ትምህርቲ ዕላማ ኣብ ሽቱኡ ንምብጻሕ ምእንቲ ክትክእላ/ሉ፣ ኣብቲ ትምህርቲ ስርዓት ሓሊኽን/ኹም ክትሳተፋ/ፉ ኣልክን/ኩም። እዚ ማለት ከኣ፣ ቀጻሊ ኣብቲ ትህምርቲ ክትርከባ/ቡን ኣብ ናይ መወዳእታ ፈተና ክትሳተፋ/ፉን ኣለክን/ኩም። ኣብ ዝቕጽል እዋን እውን ነቲ ናይ ቋንቋ ትህምርቲ ክትደግማ/ሙ እንተ ደሊኽን/ኹም፣ ስርዓት ሓሊኽን/ኹም ኣብ ትምህርቲ ምስታፍ ኣገዳሲ እዩ። እቲ ትምህርቲ ዝህብ ትካል፣ እስኽን/ኹም እንተ ደሊኽን/ኹም፣ ስርዓት ሓሊኽን/ኹም ኣብ ትምህርቲ ከም ዝተሳተፍክን/ኩም መረጋገጺ ክህበክን/ኩም ይኽእል እዩ።

ትካል ትምህርቲ ምቕያር ዝከኣል ብመሰረቱ፣ ሓደ ናይ ትምህርቲ ክፍሊ ምስ ተፈጸመ ጥራሕ እዩ። ምቕያር ዝከኣል እውን ሓደ ፍሉይ ዝኾነ ኩነታት ክህሉ ከሎ እዩ፣ ንምሳሌ ገዛ እንተተቐየረ፣ ካብ ናይ ፍርቂ መዓልቲ ናብ ናይ ሙሉእ መዓልቲ ትምህርቲ ንምቕያር፣ ቆልዑ ንምእላይ ወይ ድማ ድሕሪ ሓደ ክፍሊ ትምህርቲ ትምህርቲ ሙያ ወይ ድማ ስራሕ ንምጅማር እንተተሓሲቡ እዩ ዝፍቀድ።

## ናይ መጸንበሪ ትምህርቲ ዋጋ

ነቲ ትምህርቲ ዝህብ ትካል ንነፍሲ ወከፍ እዋን ትምህርቲ 1,95 ኦይሮ ክትከፍላ/ሉ ኣለክንኩም። እዚ ክፍሊት ነፍሲ ወከፍ 100 እዋን ትምህርቲ ዘለዎ ክፍሊ ትምህርቲ ከምኡ ድማ እቲ ትምህርቲ መላለዪ ቅድሚ ምጅማሩ ክኽፈል ኣለዎ። ካብ ትምህርቲ እንተ ኣብኩርክን/ኩም፣ ነቲ ዘብኮርክንኦ/ኩሞ እዋናት ዝተኸፈለ ክምለስ ኣይክእልን እዩ። ብውልቅኽን/ኹም ተእትዎኦ/ውዎ እቶት ዘይብልክን/ኩም እንተኾይኑ፣ እቲ ንመነባብሮኽን/ኹም ክሸፍን ዝግደድ ውልቀሰብ፣ ነዚ ክፍሊት ክኽፍል ኣለዎ።

እቶትክን/ኩም ትሑት ስለዝኾነ ንምኽፋል ዘጸግመክን/ኩም እንተኾይኑ፣ ፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት ካብ ክፍሊት ነጻ ክገብረክን/ኩም ይኽእል'ዩ። ካብዚ ክፍሊት ነጻ ንምኳን ብጽሑፍ መመልከቲ ናብቲ ንትነብርኦ/ዎ ዓዲ ሓላፍነት ናብ ዘለዎ ቅርጫፍ ናይ ፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት ኣቕርባ/ቡ (ዝርዝር ኣድራሻ ርኣያ/ዩ)።

ናይ ገንዘብ ሕጽረት ከም ዘለክን/ኩም ዘረጋግጽ ሰነዳት ኣተሓሒዝክን/ኩም ኣቕርባ/ቡ (ቅዳሕ ናይተን ነዚ ዝምልከተን ምስክር ወረቓቕቲ፣ ንምሳለ ናይ ስራሕ ኣልቦ II ውሳነ ምኽፋል፣ ማሕበራዊ ሓገዝ፣ ናይ ገዛ ገንዘብ፣ መሃያ ተመሃሮ፣ ተወሳኺ ክፍሊት ቆልዑ፣ ነመልከቲቲ ቑፅባ ዝኽፈል ሕጊ መሰረት መረጋገጺ ክፍሊት፣ ካብ ምኽፋል መዋእል ሕጻናት ነጻ ዝገብር፣ ንሜዲያ ካብ ምኽፋል ነጻ ዝገብር፣ ናይ ከባቢ ማሕበራዊ ቲኬት መኅዓዚ፣ ብማሕበራዊ መጽሓፍ ሕጊ III መሰረት ንቆልዑን መንእሰያትን ሓገዝ ዝተፈቕደ ወ.ዘ.ተ.)። ብኽብረትክን/ኩም ነዚ መመልከቲ ብዝተኻእለ መጠን ምስታፍ ትምህርቲ ቅድሚ ምጅማርክን/ኩም ኣቕርባ/ቡ። ነዚ መመልከቲ ትምህርቲ ድሕሪ ምጅማርክን/ኩም እንተ ኣቕሪብክን/ኩም፣ እቲ ካብ ምኽፋል ነጻ ምኳን ብመሰረቱ ካብ እቲ ትምህርቲ ዝተጀመረሉ እዋን ተመሊሱ ኣይትግበርን እዩ።

ካብ ስራሕ ኣልቦ ገንዘብ II ሓገዝ ትኽፈላ/ሉ እንተኼንክን/ኩም ከምኡውን በቲ ነዚ ሓላፍነት ዘለዎ ቤት ጽሕፈት ኣብ ሓደ መጸንበሪ ትምህርቲ ንምስታፍ ዝተገደዳ/ዱ እንተ ኼንክን/ኩም፣ ካብ ክፍሊት ነጻ ትኾና/ኑ። እቲ ጉዳይ ከምዚ እንተኾነ፣ ናብ ቅርጫፍ ናይ ፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት መመልከቲ ምቕራብ ኣየድልይን እዩ።

<u>ምእላይ ቆልዑ</u>

ኣብዚ ናይ ምጽንባር ትምህርቲ ንምስታፍ ቆልዑ ዝኣሊ ዘድሊ እንተኾይኑ፣ ብኽብረትክን/ኩም ነቲ ትምህርቲ ዝህብ ትካል ተወከሳ/ሱ። እዚ ትካል ብዛዕባ እተን ዘለዋ ኣማረጽቲ ሓበሬታ ይህቡኽን/ኹም እዮም።

<u>ነቲ ዝኸፈል ዋጋ ምምላስ</u>

ድሕሪ 08.12.2007 ኣብቲ ናይ መወዳእታ ፈተና ብዓወት ዝፈጸምክን/ኩም ኣንተ ኼንክን/ኩም፣ ፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት 50% ናቲ ዝተኸፈለ ዋጋ ክመልሰልክን/ኩም ይኽእል እዩ። ነዚ ዋጋታት ከተምልሳ/ሱ ትኽእላ/ሉ ግን፣ እቲ ናይ መጀመርታ ናይ ተሳትፎ ፍቓድ ካብ ዝተዋህበሉ ዕለት ጀሚርክን/ኩም ክልተ ዓመት ከይመልኤ ከሎ ነቲ ናይ መወዳእታ ፈተና እንተ ተፈተንክን/ኩም ጥራሕ እዩ። ነቲ ዝተኸፈለ ዋጋ ንምምላስ ናብቲ ሓላፍነት ናብ ዘለዎ ቅርጫፍ ናይ ፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት ሓደ መመልከቲ ክቐርብ ኣለዎ።

<u>ዋጋ መጎዓዚያ</u>

ካብ ስራሕ ኣልቦ ገንዘብ II ሓገዝ ትኽፈላ/ሉ እንተኼንክን/ኩም ከምኡውን በቲ ነዚ ሓላፍነት ዘለዎ ቤት ጽሕፈት ኣብ ሓደ መጸንበሪ ትምህርቲ ንምስታፍ ዝተገደዳ/ዱ እንተ ኼንክን/ኩም ወይ ድማ ካብ ፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት ክፍሊት ካብ ምኽፋል ነጻ ዝኾንክን/ኩም ኣንተኾይኑ፣ ነቲ መጸንበሪ ትምህርቲ ንምስታፍ ንዋጋ መጎዓዚ ሓገዝ ክትረኽባ/ቡ ትኽእላ/ሉ። እዚ ሓገዝ ንነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ብዝብል ሓፈሻዊ መልክዕ ኣዩ ዝወሃብ። ናይዚ ሓገዝ ቅድመ ኩነት ግን እቲ ቤት ትምህርቲ ካብ እቲ መንበሪ ገዛ ብውሑዱ 3 ኪሎሜተር ዝርሕቕ እንተኾይኑ እዩ። ነዚ ናይ መጎዓዚ ዋጋ ሓገዝ ንምርካብ ናብቲ ሓላፍነት ዘለዎ ቅርጫፍ ናይ ፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት ሓደ መመልከቲ ክቐርብ ኣለዎ።

<u>መመሓየሺ ትምህርቲ ቋንቋ ምድጋም</u>

ኣብቲ ናይ ቋንቃ ፈተና ብቑዕ ዝኾነ ጀርመንኛ ክተረጋግጻ/ጹ እንተ ዘይከኣልክን/ኩም፣ ሓደ ክሳብ 300 እዋን ትምህርቲ ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ክትደግማ/ሙን ከምብሓድሽ ኣብ ፈተና ቋንቋ ክትሳተፋ/ፉ ትኻላ/ሉ። ነዚ ቅድመ ኩነትኡ ግን፣ ኣብቲ ትምህርቲ ቀጻሊ ከይቦኽርክን/ኩም ዝተሳተፍክን/ኩም እንተ ኼንክን/ኩም እዩ።

ኣብ ሓደ ትምህርቲ ፊደላት ዝተመሃርክን/ኩም ኣንተኼንክን/ኩም፣ ኣብቲ ናይ ቋንቋ ፈተና ምስታፍ ኣየድልየክንን/ኩምን እዩ።

ኣብቲ ናይ ምድጋም ትምህርቲ ንምስታፍ ናብቲ ሓላፍነት ዘለዎ ቅርጫፍ ናይ ፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት ሓደ መመልከቲ ክቐርባ/ቡ ኣለክን/ኩም።

## ተገዲድካ ንምስታፍ ዝምልከት ሓበሬታ

ካብ ቤት ጽሕፈት ወጻእተኛታት ዜጋታት ወይ ድማ ካብ ስራሕ ኣልቦ ገንዘብ II ሓላፍነት ዘለዎ ቤት ጽሕፈት ኣብ ሓደ መጸንበሪ ትምህርቲ ንምስታፍ ዝተገደዳ/ዱ እንተ ኾንክን/ኩም፣ ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፍክን/ኩም ኣብ ሓደ ትምህርቲ ዝህብ ትካል ንመጸንበሪ ትምህርቲ ክትምዝገባ/ቡ ኣለክን/ኩም ከምኡውን ስርዓት ሓሊኽን/ኹም ኣብ ትምህርቲ ክትሳተፉ/ፉ ኣለክን/ኩም።

ከምኡ ከይገበርክን/ኩም እንተ ተረፍክን/ኩም፣ ኣብ ልዕሌኽን/ኹም ቀጺሉ ተዘርዚሩ ዘሎን ካልእን ሳዕቤን ክኸትል ይኽእል እዩ፡

- ናይ መንበሪ ፍቓድ ዘናውሕ ውሳነ ክውሰን ከሎ ተራ ክህልዎ ይኽእል እዩ።
- ማሕበራዊ ሓገዝ ትቕበላ/ሉ እንተ ኾንክን/ኩም፣ እቲ ዝኽፈል ክቑረጽ ይኽእል እዩ።
- ኣድላዪ እንተ ኾይኑ ካብ ቤት ጽሕፈት ወጻእተኛ ዜጋታት፣ ነቲ መጸንበሪ ትምህርቲ ዝኽፈል ሙሉእ ክፍሊት፣ ንነፍሲ ወከፍ እዋን ትምህርቲ 1,95 ኦይሮ ተጸብጺቡ፣ ሽዑ ብሓንሳብ ንኽትከፍላ/ሉ ክትሕተታ/ቱ ትኽእላ/ሉ።
- ናይ ገንዘብ መቕጻዕቲ ኣብ ልዕሌኽን/ኹም ክውሰን ይኽእል።

ስርዓት ሓሊኽን/ኹም ኣብት መጸንበሪ ትምህርቲ ዘይትሳተፉ/ፉ እንተ ኼንክን/ኹም፣ እቲ ትምህርቲ ዝህብ ትካል ንቤት ጽሕፈት ወጻእተኛ ዜጋታት ወይ ድማ ነቲ ንስራሕ ኣልቦ ገንዘብ II ሓላፍነት ዘለዎ ቤት ጽሕፈት ከፍልጥ ኣለዎ።

## ካልእ ክትፈልጥኦ/ዎ ዘለክን/ኩም እንታይ ኣሎ

ኣብዚ ጽሑፍ ሓበሬታ ተጠቒሰን ዘለዋ ናይ መመልከቲ ፎርሙላታት ካብ እተን ትምህርቲ ዝህባ ትካላት፣ ካብ ቤት ጽሕፈት ወጻእተኛታት ወይ ካብ ነቲ ከባቢኽን/ኹም ዝምልከቶ ቅርጫፍ ናይ ፈደራላዊ ቤት ጽሕፈት ክትረኽባ/ቡ ትኽእሉ። ከምኡውን ነዘን ፎርሙላታት ኣብ መርበብ ሓበሬታ www.bamf.de ትረኽባ/ቡ።

እዚ ጽሑፍ ሓበሬታ ንዓኽን/ኹም ኣገዳሲ ዝኾነ ሓበሬታ ብዛዕባ ተሳትፎ መጸንበሪ ትምህርቲ ሰፊርዎ ኣሎ። ተወሳኺ ዝርዝር ሓበሬታ ካብ እቲ ትምህርቲ ዝህብ ትካል ይህብ እዩ።

ካብኡ ወጻኢ እውን ብኽብረትክን/ኩም  ነቲ ቀረባት ናይ ቤት ጽሕፈት ኣማኸርቲ ስደተኛታትን ኣገልግሎት መንእሰያት ስደተኛታትን ኣስተውዕላ/ሉ። እዚኣቶም መመልከቲ ብዝምልከት ይሕግዙ፣ ንሕቶታት መልሲ ይህቡ ከምኡውን ብዛዕባ ዝህልወክን/ኩም ጸገማት ይግደሱን መፍትሒ ክረኽቡ ድማ ይጽዕሩን፣ ንዓኽን/ኹም ዝሰማማዕ መጸንበሪ ትምህርቲ ይደልዩ። እዞም ቤት ጽሕፈት ኣማኸርቲ ስደተኛታትን ኣገልግሎት መንእሰያት ስደተኛታትን ኣብ ከባቢኽን/ኹም ኣበይ ከም ዝርከቡ ንምፍላጥ፣ ካብ ቤት ጽሕፈት ወጻእተኛታት፣ ካብ ቅርጫፍ ናይ ፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት ወይ ድማ ኣብ መርበብ ሓበሬታ www.bamf.de ሓበሬታ ትረኽባ/ቡ።

መጸንበሪ ትምህርቲ ክትመሃራ/ሩ ከለኽን/ኹም ሕጋዊ ናይ ሓደጋ ኢንሹራንስ ከም ዘይብልክን/ኩም ብኽብረትክን/ኩም ኣስተውዕላ/ሉ።